ቤት ፅሕፈት ትልምን ከተማ ሽራሮ 2016 ዓም በጀት ዓመት ንዝተፈላለየ ኣብያተ ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕል ዝተፈላልዩ ኤሌክትሮኒክስ መለዋወጢ አቁሑት ኮምፒተር ላብቶፕን ፕሪንተሪን ጀነሬተርን ሞተር ሳይክልን ሳይክልን ከምእወን ናይ ፎርጎ ማሽንን ቶታል ስቴሽን ስራሕቲ ሕትመትን መስርሒ ፅሕፈት ካልኦት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግን ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 21, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 6, 2016 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15,000.00
ቦታ:ሽራሮ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ቀዳም ታሕሳስ 6, 2016 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሳይክል/ ፅገና ሞተርሳይክል/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ናይ ቢሮ አቁሑት/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም

2 ኣብ ናይ ፋይናንስ መቅረባይ ዝርዝር ዝተመዝገብኩም ዘሐደስኩምን

3 ናይ 2015/2016 ዓም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደስኩም

4 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ተመዝገብቲ ዝኮንኩምን

5 መለለይ ቁፅሪ ካፋላይነት ግብሪ ዘለኩም

6 ሰዓራይ ምካንኩም ምስተረጋገፀ ነቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ክፍሊ ንብረት ከረክቡ ዝክእሉ

11 ሰዓርቲ ምካንኩም ምስተፈለጠ ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክትኣስሩ እትክእሉ

12 ካብ ዝሰዓርኩምዎ ጠቅላላ ዋጋ ብጥረ ገንዘብ ወይድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሕጋዊ ቼክ 10% ክተትሕዙ እትክእሉን

13 ካብዚ ዝተጠቀሰ መዓልቲ ገደብ እንተሓሊፎም ወይድማ እንተሓሊፈን ኣብ ዉሽጢ ሓደ መዓልቲ 0.001% ካብ ጠቅላላ ዝሰዓርዎ ንብረት ዝቅፀዑ ምካኖም ናይ መቅፃዕቲ መጠን ካብቲ ዝሰዓርዎ ልዕሊ 10% እንተኮይኑ ዉዕሊ ፈፃሚ ኣካል ዉዕሊ ናይ ምስራዝ መሰሉ አለዎ

14 ኣብ እዋን ጨረታ መተኣማመኒ ዝከዉን ብጥረገንዘብ ወይ ብሕጋዊ ቼክ ወይ ብሲፒኦ 15,000 ቅርሺ ክተትሕዙ እትክእሉ

15 ኩሉ መረዳእታኩም ቅዳሕ ብምግባር ምስናይ ዋጋ መቅረቢ ሰነድ ብምትሕሓዝ ዓሺጉም ኣብ ሳንዱቅ ክተእትዉ ዋና መረዳእታኩም እተቅርቡን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

16 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ከተማ ሽራሮ ክፍሊ ቁፅሪ 06 ከፊልኩም ክትወስዱ ንሕብር

17 ሰነድ ጨረታ 21/03/2016 ዓም ክሳብ 05/04/2016 ዓም ኣብ ዘሎ ግዘ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ይዕድም

18 ጨረታ ዝዕፀወሉ እዋን 06/04/2016 ዓም ሰዓት 4፡00 ረፋድ ኮይኑ ጨረታ ዝክፈተሉ 06/04/2016 ሰዓት 4፡30 ይከዉን

19 ናይ ሕድሕድ ንብረት ዋጋ ኣብቲ ናይ ቤት ፅሕፈት መቅረቢ ዝርዝር ሰነድ ጥራሕ ክምላእ ይግባእ

20 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣመራፂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0914776389/ 0995156830 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle